መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት



# እታ ሰበይቲ ኣብቲ ዒላ

ጸሓፊ ፦ Edward Hughes

ገላጺ ፦ Lazarus
Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ Ruth Klassen

ትርጉም ፥ Daniel Efrem

ኣባዛሒ፦ Bible for Children
www.M1914.org

©2020 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

ሓደ ግዜ የሱስን ደቀ መዛሙርቱን ብምድሪ ሰማርያ ይሓልፉ ነበሩ። ናብ ሓንቲ ሲካር ትብሃል ከተማ ድማ መጹ።



ኣብኡ ድማ ኩሎም ደቂ ሲካር ማይ ንዝስተ ዝቀድሑላ ዒላ ነበረት። እታ ዒላ ከኣ ቅድሚ ነውሕ ዓመታት በቲ ኣቦ እስራኤላውያን ዝኾነ ያቆብ ዝተኳዕተት እያ፡፡



ኣብቲ እዋን ቀትሪ ድማ ኣዝያ ብርትዕቲ ጽሓይን ኣዝዩ ሃሩር ኩነታት ኣየር ነበረ። የሱስ ድማ ኣብቲ ዒላ፡ እቶም ደቀ መዛሙርቱ ካብቲ ማእከል ዕዳጋ መግቢ ክሳዕ ዘምጽኡ፡ ኮፍ ኢሉ ይጽበ ነበረ፡፡





የሱስ ድማ ንበይኑ
ተቀሚጡ ነበረ። ነዊሕ ኮፍ
ከይበለ ግና ሓንቲ ሰበይቲ
ካብታ ከተማ ማይ
ክትቀድሕ ናብቲ ዒላ
መጸት። የሱስ ድማ "ማይ
እባ ኣስትይኒ" በላ።

እታ ሰበይቲ ድማ ኣዝያ ተገረመት። "ከመይ ኢልካ ንስኻ ኣይሁዳዊ ከለኻ፡ ንዓይ ንሳምራዊት ሰበይቲ ማይ ኣስትይኒ ትብለኒ" በለቶ። ኣብቲ ግዜ ኣይሁድን ሳምራውያንን ሰላም ኣይብሃሃሉን ነበሩ።



የሱስ "መን ከምዝኾንኩ
እንተትፈልጢ፡ ንስኺ
ማይ ህይወት ክህበኪ
ምለመንክኒ" ምስ በላ
ድማ ኣዝያ ተገረመት።





እታ ሰበይቲ ድማ " ንስኻ ዝኾነ መቕድሒ ማይ ኣይሓዝካን፡ እዚ ዒላ ድማ ኣዝዩ ዓሚቕ እዩ። ነቲ ማይ ሂወት ካበይ ከተምጽኦ?! ንስኻ'ዶ ካብቲ ነዚ ዒላ ዝኳዓተ ኣቦና ያቆብ ትዓቢ ኢኻ? . . ." በለቶ፡፡



"ዝኾነ ካብዚ ማይ እዚ ዝሰትይ ኩሉ፡ ደጊሙ ከምዝጸምእ ትፈልጢ ኢኺ። ካብዚ ኣነ ዝህቦ ማይ ዝሰትይ ግን ኣይጸምእን እዩ። እቲ ኣነ ዝህቦ ማይ ምስኡ እዩ፡ ካብ ከብዱ ድማ ሩባታት ህይወት ክፍልፍል እዩ" በላ። ንሳ ድማ "ካብቲ ማይ ሃበኒ፡ እሞ ካልኣይ ግዜ ናብዚ ዒላ ኣይምለስን" በለቶ

የሱስ ድማ ኬድኪ ንሰብኣይኪ ኣምጽእዮ በላ፡፡ ንሳ ግና "ሰብኣይ የብለን" በለቶ። የሱስ ድማ "ሓሙሽተ ሰብኡት ነይሮምኺ፡ እዚ ሕጂ ምሳኺ ዘሎ ድማ ሰብኣይኪ ኣይኮነን እሞ ሓቅኺ ኢኺ በላ"።





እታ ሰበይቲ ድማ፡ የሱስ ነብይ ምዃኑ ኣስተውዓለት፡፡ ስለዚ ብዛዕባ ንኣምላኽ ኣበይ ቦታ ከተምልኾ ከምዝለሎካ ክትሓቶ ጀመረት። "ኣብ የርሳሌም ድዩ ወይሲ ኣብዚ ኣቦታትና ዝበሉና ቦታ ኣብ ጎቦታት ከድና ኢና ክንሰውእ" በሊቶ። የሱስ ድማ እቶም ናይ ብሓቂ ሰገድቲ ብሓቅን ብመንፈስ ክሰግዱ ከምዝለዎም ነገራ።



ድሕሪ'ዚ "እቲ መሲሕ ከምዝመጽእ ፡ እሞ ብዝዕባ ኩሉ ከምዝነግረናን ይፈልጥ እየ" በለቶ፡፡ የሱስ ድማ "ኣነ እቲ ትብልዮ ዘለኹ እየ" በላ። ከምኡ ምስ በላ፡ እቶም ደቀ መዛሙርቱ ካብቲ ከይደሞ ዝነበሩ ተመለሱ። እታ ሰበይቲ ድማ ነቲ ክቡር ናይ ማይ ዕትሮኣ ሓዲጋ ናብ ከተማ ኣተወት።





"ንዑ፡ ርኣዩ! ኩሉ ዝገበርክዎ ዝነገረኒ ሰብኣይ" እታ ሰበይቲ ንኩሎም ኣብ ሲካር ዝነበሩ ሰባት ነገረቶም። "ክርስቶስ ዶ ኮን ይኸውን!?" እቶም ህዝቢ ድማ ክርእይዎ ወጹ።

ከምዚ እናኮነ ከሎ፡ እቶም ደቀመዛሙርቱ ንየሱስ ብላዕ በልዎ። የሱስ ግና በሎም "ብልዐይ'ሲ ፍቃድ እቲ ዝለኣከኒ ክገብር እዩ"። ናይ የሱስ ስራሕ ሰባት ናብ እግዛብሄር ኣቦ ምምላስ እዩ።



ኩሎም እቶም ናብ የሱስ ዝመጹ ሳምራውያን ድማ፡ ሳላ እታ ሰበይቲ ዝነገርቶም ቃል፡ ብእኡ ብየሱስ ኣመኑ፡፡ ንሳቶም ድማ ምስኦም



ክቕኒ ለመንዎ፡ ንሱ ድማ ክልተ መዓልቲ ምሳቶም ቀነየ።

ብዙሓት ድማ በቲ የሱስ ዝነገሮም ቃል ኣምላኽ ኣመኑ።

"... ባዕልና ሰሚዕና፡ ናይ ብሓቂ ንሱ ክርስቶስ፡ ንዓለም ዝድሕና ውን ንሱ ምዃኑ ኢና ዝኣመንና" በሉ።



እታ ሰበይቲ ኣብቲ ዒላ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

የው 4

“ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።” መዝሙር 119፥130


መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና
ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና
ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና
ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣
እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም
ጎይታናን መድሓኒናን ተቐቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን
ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ
ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም
ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን
ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ
ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ
ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ! የውሃንስ 3፥16